ኢንስቲትዩት መፅናዕትን ምርመርን ፖሊሲ ትግራይ ዝጥቀመሎም ቀወምቲ ንብረት መፍለይ ንብረት ስያሜ ምሃብ (ኮድ ምሃብ) ንክትወዳደሩ ብምዕዳም ትካልና ስለ ዝደሊ ብፕሮፎርማ ኣወዳዲሩ ንበጀት ዓመት 2018 ኣገልግሎት ክፍዕም ይደሊ።።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ታሕሳስ 16, 2018 (ቅድሚ 11 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 21, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 21, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

ምልክታ ፕሮፎርማ ፤

ኢንስቲትዩት መፅናዕትን ምርመርን ፖሊሲ ትግራይ ዝጥቀመሎም ቀወምቲ ንብረት መፍለይ ንብረት ስያሜ ምሃብ (ኮድ ምሃብ) ንክትወዳደሩ ብምዕዳም ትካልና ስለ ዝደሊ ብፕሮፎርማ ኣወዳዲሩ ንበጀት ዓመት 2018 ኣገልግሎት ክፍዕም ይደሊ።።

ስለዚ ኣብዚ ፕሮፎርማ ክትወዳደሩ ትደልዩ ትካልና በቲ ኣብ ታሕቲ ዝተገለፁ ረቓሒታት እተማልኡ በዚ ዘርፍ ዝተመዝገብኹም መቕረብቲ ንክትወዳደሩ ይዕድም።።

ኣብ ላዕሊ ብዝተገለፀ ዘፈር ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድን ፤ሰርተፍኬት መቕረባይነትን ናይ VAI ምስክር ወረቐትን ቲን ናምበር መረዳእታ ብኮፒ ከቕርብ ኣለዎ።።

❖ እቲ ፕሮፍርማ ካብ ቤት ዕዮ ኢንስቲትዩት መፅናዕትን ምርምርን ፖሊሲ ትግራይ መራኸቢ ሓፋሽ ትግራይ ፊት ንፊት ዝርከብ ኣድማስ ዩኒቨርሲቲ ግቢ ውስጢ 3ይ ደብሪ ብኣካል ወይ ወከልቲ ብምልኣኽ ምውሳድ ትኽእሉ፣

❖ ፕረፎርማ ሰድ ክፍቲ ዝኾነሉ እዋን ካብ ዕለት 16/04/2018 ክሳብ 20/04/2018 ሰዓት 11፡30 ኣብ ዘሎ ናይ ስራሕ መዓልታትን ሰዓትን ምውሳድ ትኽእሉ ምኳንኩም ንገልፅ፤

❖ ፕሪፎርማ ዝኽፈተሉ ዕለት 21/04/2018 ዓ/ም ክሳብ ሰዓት 4፡00 ኣብ ዘሎ ግዜ ኣታዊ ይከውን ፣እቲ ፕሪፎርማ ዝክፈተሉ በቲ ተመሳሳሊ ዕለት ተወዳደርቲ ወይ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ሰዓት 4፡30 ኣብ ቤት ዕዮና ይኽፈት፣

❖ እዚ ፕሮፎርማ ከም ውዕሊ ኾይነ ስለ ዘገልግል ግቡኦም ኣብ ዘይፍፅሙ ተወዳደርቲ ብኣዋጅ፣ ደንብን መምርሒ ዕደጋ መሰረት ናብ ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ክሲ ብምፅሓፍ ኣድላይ ስጉምቲ ዝውሰድ ምኳኑ ክትፈልጡ ይግባእ።።

❖ ኣብቲ ፕረፎርማ ናይ ትካልኩም ማህተምን ፊርማን የድሊ፣ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ብዝተዓሸገ ፖስታ - ንኢንስቲትዩት መፅናዕትን ምርምርን ፖሊሲ ትግራይ ጠቕላላ ኣገልግሎት፣ ስምሪት፣ ዕደጋን ንብረትን ምምሕዳር ቢሮ ቁፅሪ 04 ኣታዊ ይግበር፤

❖ ኣብ ናይ መንግስቲ ዕደጋ ከይወዳደሩ ብቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ትግራይ ዝተኣገደ እንተኾይኑ እግዱ ከይተልዓለሉ ክወዳደር ኣይክእልን፣

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle